PICAC NT
Partners in Culturally Appropriate Care

# ምፍራም ውዕል ኣብ ቤትካ ዝወሃብ ኣገልግሎት ክንክን



Tigrinya - ትግርኛ

## ኣብ ቤትካ ዝወሃብ ክንክን ጥምሮ አገልግሎት (Home Care Package) ዘድልየካ ኣገልግሎታትን ደገፍን ከም እትረክብ ከረጋግጽ ይኽእል እዩ።

ቅድሚ ምስ ወሃቢ ኣገልግሎት ንኣቕርቦት ኣገልግሎት ክንክን ገዛ ውዕል ምፍራምካ፡ መሰላትካን ሓላፍነትካን ምፍላጥካ ኣገዳሲ እዩ።

## ክትገብሮ ዘለካ፤

1. መሰላትካ ተረዳእ[1]።
2. መሰላትካ በቲ ኣብ ቤትካ ዝወሃብ ክንክን ዝህብ ክኽበር ከም ዘለዎ ፍለጥ።
3. ዝኾነ ሰክፍታታት እንተሃልዩካ፡ ምስቲ ወሃቢ ኣገልግሎትካ ተዘራረብ።
4. ኣብ ልዕሊ እቲ ዝመረጽካዮ ናይ ገዛ ክንክን ወሃቢ ሓላፍነታት ኣለካ።
5. ከተኽብሮትምን ክትሓልዮልምን ኣለካ።
6. ንዓኻ ክሕግዙኻ መታን ንወሃብቲ ኣገልግሎትን ሰራሕተኛታቶምን ውሑስነት ዘሎዎ ቦታ ምድላው።
7. ጥዕናኻ እንተተቐይሩ ኣብቲ ኣብ ቤትካ ዝወሃብ ክንክን ጥምሮ አገልግሎት (Home Care Package) ንዝመጽእ ለውጢ ክትቅበሎ ድሉው ኩን።
8. ናይ ኣብ ቤትካ ዝወሃብ ክንክን ክፍሊትካ ከምቲ ምስ ወሃቢ ኣገልግሎትካ ዝተሰማምዕካሉ ክፈል።

[1]Home Care Packages Program Manual for Care Recipients, (ኣብ ቤትካ ዝወሃብ ክንክን ጥምሮ አገልግሎት ፕሮግራም መምርሒ ንተቐበልቲ ክንክን) ቅዳሕ 1.4, ጥሪ 2023

COTA NORTHERN TERRITORY
*for senior Territorians*

(08) 8941 1004
www.cotant.org.au/picac/contact-picac-nt

PICAC NT
Partners in Culturally Appropriate Care

# ምፍራም ውዕል ኣብ ቤትካ ዝወሃብ ኣገልግሎት ክንክን

## ቅድሚ ውዕል ምፍራምካ

**ዝኾነ ውዕል <u>ቅድሚ</u> ምፍራሙ መሰላት ኣለካ። ብዛዕባ እቲ እትፈርሞ ውዕል ንጹር ርድኢት ክህልወካ ይግባእ።**

### ከተረጋግጾ ዘለካ ነገራት

| | | እወ | ኣይፋልን |
|---|---|---|---|
| 1. | ቅዳሕ ናይ ውዕል፣ ጽሑፍን ብሮሹርን ብዛዕባ እቲ ዝወሃብ ኣገልግሎት ብግልጺ፣ ካብ ንኽትርድኦም ዘኸብዱ ቃላት ነጻ ዝኾነ እንግሊዝኛ ተዋሂብካዶ? | ☐ | ☐ |
| 2. | ናይ ኩሎም በቲ ወሃቢ ኣገልግሎት ዝቐረቡ ሰነዳት ብትግርኛ ቅዳሕ ተቐቢልካዶ? | ☐ | ☐ |
| 3. | ቅዳሕ ናይቲ ውዕል (ብእንግሊዝኛን ብትግርኛን) እንተወሓደ ቅድሚ <u>ሓደ</u> ሰሙን ቅድሚ እታ መዓልቲ ናይ ምፍራም ተቐቢልካዶ? * | ☐ | ☐ |
| 4. | እቲ ውዕል፡ እቲ ውዕል ምስፈረምካ ትረኽቦ ኣገልግሎታት ብንጹር ዝርዝር ዝሓዘ ድዩ? | ☐ | ☐ |
| 5. | እቲ ውዕል ንኹሎም ብወሃቢ ኣገልግሎት <u>ክቐርቡ ዝኽእሉ</u> ኣገልግሎታት ብመሰረት ምርመራ ኣብ ቤትካ ዝወሃብ ክንክን ይዝርዝሮም ድዩ፣ (ዋላ ኣብዚ እዋን እዚ ተገዳሰነት እንተዘይብልካ)? | ☐ | ☐ |
| 6. | ክፍሊት ብኸመይ መንገዲ ክምትኽፍሎ ሐሲብካሉዶ? (ከም ካብ ባንኪካ ቀትታ፥ ካብ ሰንተርሊንክ (Centrelink) ወይከኣ ወርሓዊ ምትሕልላፍ)? | ☐ | ☐ |
| 7. | ምስቲ ወሃቢ ኣገልግሎት ኣብ እትገብሮ ዝርርብ፡ ንኣባላት ሰድራቤትካ ከይሓወሰ፡ ሞያዊ ተርጓሚ ተዳሊልካዶ?* | ☐ | ☐ |
| 8. | ነቲ ምስ ውሃቢ ኣገልግሎት እተገብረ ውዕል ንምምርማርን ንኹሉ ሕቶታትካ መልሲ ንምርካብን ግዜ ረኺብካዶ? | ☐ | ☐ |
| 9. | ብዘይካ ናይ ኢንግሊዝኛ፤ ቅዳሕ ናይ ሕገ መንግስቲ (ቻርቴር) መሰል ክንክን አረጋውያን (Charter of Aged Care Rights) ብትግርኛ ተዋሂብካዶ? | ☐ | ☐ |

ንዝኾነ ካብዞም ነጥብታት 'ኣይፋልን' ኢልካ እንተመሊስካ፡ ንወሃቢ ኣገልግሎትካ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትሓትት መሰል ኣለካ።

* ሞያዊ ኣገልግሎት ትርጉም ብጽሑፍን ብቃልን ንዓኻን ንወሃቢ ኣገልግሎትን **ብነጻ** እዩ።

እዚ ሕታም ብ COTA NT ዝተጻሕፈ ኮይኑ፡ ካብ ሚኒስተር ጥዕናን ክንክን ኣረጋውያንን ብዝተገብረ ገንዘባዊ ኣበርክቶ ሐገዝ እዩ። ንኽእረም ዝኽእል ሕታም ንምርካብ፡ በጃኹም ምስ ኣማሓዳሪ PICAC ተወከሱ።

COTA
NORTHERN TERRITORY
*for senior Territorians*

**(08) 8941 1004**
**www.cotant.org.au/picac/contact-picac-nt**